

**Geez Rite Eritrean Catholic Chaplaincy**

ቤተ ክርስትያን ኪዳነ ምሕረት - ዘሥርዓተ ግዕዝ

www.kidanemhret.com

1277 St Clair Ave West, Toronto, ON M6E 1B8 Tel 416-818-0193

---

**ዕለት** 14-03-2020

## <u>መልእኽቲ ናብ ኩሉኹም ኣባላት ካቶሊካዊት ቤተኽርስትያን ቁምስና ኪዳነምሕረት ቶሮንቶ!</u>

ናብ ዝኸበኩም ምእመናን ብመጀመርያ ካብ እግዚኣብሔር ኣቦናን ካብ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ምሳኹም ይኹን (ፍሊ 1፡2)። ኣብ ኩሉ ዕለታዊ ሕይወትኩም ምሉእ ጥዕናን፣ሰላምን፣ ኣብ ስራሕኩም ዓወትን ኣሳልጦን ክኾነልኩም ዕለታዊ ምንዮተይን ጸሎተይን ኢዩ።

ካብዚ ብምቅጻል ከምቲ ኣብ ዝተፈላለየ መራኸቢ ብዙሓን እንሰምዖ ዘሎና **ብምስትንፋስ ዝመሓላለፍ ሕማም ኮረና ቫይረስ**፡ ንመላዕ ዓለምና ኣብ ኣተሓሳሳቢ ኩነታት ሸሚሙዋ ከምዘሎ፣ ዝፍለጥ ኮይኑ፣ ካብዚ ብምብጋስ ምእንቲ መንፈሳውን ስጋውን ጠቕሚ ኩሉ ኣማኒ ብምሕሳብ ካብ **መበረ ሊቀ ጳጳሳት ካርዲናል ቶማስ ኮሊን** ንኹለን ቁምስናታት ዘመሓላለፍዎ ዓዋዲ መልእኽቲ ከምዚ ዝኽተል ኣሕጽር ኣቢለ እቲ ዘድልየና ዝበልኩዎ የመሓልፈልኩም ኣሎኹ።

- ከምቲ ሰበስልጣናት ላዕለዎት መራሕቲ ጥዕና ዘመሓላለፍዎ መሰረት ብምግባር ልዕሊ 250 ዝበዝሑ ሕዝቢ ዝእከብሉ መደባት እንተሎ ክቛረጽ፣ከምዝተባህለ ካብዚ ምኽንያት ብምግባር ኩለን ካብዚ ቁጽሪ እዚ ዝሓልፋ ቁምስናታት ብፍላይ ብግዜ **ቀዳመ ሰንበት መስዋእቲ ቅዳሴን ካልእ መደባትን ካብ ምስራዕ ከቋርጻ** ዝኾነ መልእኽቲ እንተሎ ክኣ ኣብ ግዚኡ ክንሕብር ምዃን ብምባል ካርዲናል ንኹሎም ምእመናን እቲ (ሰንበት መዓልቲ በዓል መዓልቲ ቅዳሴ ስማዕ ዝብል መምርሒ) ፍትሓት ከምዝሃቡሉ እውን ኣፍሊጦም።
- ምእንቲ ጠቕሚ ኩሉ ሕዝብን፣ ሲቪካዊ መምርሒን ክንክተል ከምዘሎና'ውን ጠቒሶም።
- ዕለታዊ ብመራኸቢ ብዙሓን ዝመሓላለፍ መስዋእቲ ቅዳሴ ኣብ (salt and light, www.salt and light tv.org), (www.Daily tv mass.com) ክንከታተል ከምእንኽእል'ውን ሓቢሮም።
- ብተወሳኺ ኣብ ጸሎትን ጾምን ክንጽመድ፣ ብፍላይ ምእንቲ እቶም ብሕማም ዝሳቐዩ ዘለዉ ምሕረቱ ክህቦም ክንጽልየሎም፣ ተማሕጺኖም።
- ኣብ ኩለን ቑምስናታት ማይ ጸሎት ዘለዎ መትሓዚ ክሳብ መልእኽቲ ዝወሃብ ነጻ (ማይ ጸሎት ዘይብሉ) ክኸውን ከምዘለዎ ተላብዮም።
- ብዛዕባ ምቕባል ቅዱስ ቁርባን ዝምልከት ገለ ሰብ ሞያ ጥዕና፣ ኣብ ኢድ ክወሃብ ተመራጺ ኢዩ ብምባል ሓሳቦም ሂቦም፡ ይኹን እምበር እቶም ኣብ ኣፎም ክወሃቡ ዝደልዩ ክኣ ድሌታቶም ክማላእ፣ እቶም ኣብ ኣፎም ክወሃቡ ዝደልዩ፣ ቅድሚ እቶም ኣብ ኢዶም ክወሃቡ ዝደልዩ ክመጹ ከምዘለዎም፣ ድሒሮም እቶም ኣብ ኢዶም ዝደልዩ ይስዕቡ ኢሎም።
- ኣብ ጸሎት ሰላምታ ብኢድ ምትንኻፍ ክነቋርጽ፣ተማሕጺኖም።
- ቤተኽርስትያን ንግላዊ ጸሎት ክፉት ምዃኑ፣ ንስግደት ቁዱስ ቁርባን፣ ፍኖተ መስቀል ብሕታዊ ጸሎት ቤተክርስትያን ክፉት ምዃኑ ሓቢሮም ብተወሳኺ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ዘሎ መደባት ናይ ቅዳሴ ኣብ ኩለን ቤተኽርስትያናት ክሳብ ሓድሽ ሓቢሪታ ዝመጻና ከምዘለዎ ክቅጽል ሓቢሮም።
- ዝግባእ ጥንቃቐ ክንገብር **ሳኒታይዘር** ክንጥቀምን ኣእዳውና ብሳሙና ኣጸቢቕና ክንሕጸብን ኣጥቢቖም መኺሮም።

ኣብ መወዳእታ ኣብዚ ፍሉይ ናይ ጾም ግዜ ልዕሊ ኹሉ ብጸሎትን ጾምን ምጽዋትን እግዚኣብሔር ነዚ ሕማም ክቅንጥጠልና ክንጽሊ፣ብፍላይ በዚ ሕማም እዚ ዝሳቐዩ ዘለዉ፣ነቶም ንዕኦም ዝናብዩ ዘለዉ ሰብ ሞያን፣ ቤተሰብን ነንሕድሕዳና እውን እግዚኣብሔር ክዕረቐና ንለምኖ ኢሎም።

**ለቡ**፡ ስለዚ ዝኸበርኩም ምእመናን መፍቀርቲ እኖና ኪዳነ ምሕረት ከምቲ ዝሰማዕናዮ **ንጹባሕ ሰንበት ዕለት 15 ናይ ሓባር መስዋእቲ ቅዳሴ ከምዘየለ**፣ ከፍልጠኩም ይፈቱ፣ ንዝመጽእ ሰናብቲ ክኣ ንዝወሃብና መምርሕታት ኣብ ዌብ ሳይት፡ ክንከታተል ሓደራ ይብለኩም።

እግዚኣብሔር ዝተባረኸ ሰንበት፣ይግበረልና፣ መዓቱ ኣቁሪሩ ብመስቀሉ ይተዓረቐና!!!

**ኣባ ክፍለማርያም ገ/ክርስቶስ**

Geez Rite Catholic Church
Toronto, Canada